

# ተወሳኺ ሓበሬታ

ብሓባር ምንባብ

መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ቋንቋ፣ ቁጽሪ፣ ኢንተርነትን ኣጠቓቕማ ገንዘብን ንምልምማድ ዝምልከት
**oefenen.nl**

**bibliotheek.nl**

ሓገዝ ኣብ ኔዘርላንድ

ስእላዊ-መጻሕፍቲ ብኹሉም ቋንቋታት

ሓበሬታ ኣሕታሚ

| ጽሑፍ | ንድፊ | ስእሊ | Taal |
|---|---|---|---|
| ራይንብሪንክ | ፍረሽ ፎካስ ራይንብሪንክ | ፍረሽ ፎካስ | Engels |



# ናብ ቤት-መጻሕፍቲ እንቋዕ ብደሓን መጸእኩም

de Bibliotheek

ኣደ ማርጋምን ጓላ ያስሚንን ንመጀመርያ ግዜ ናብ እቲ ቤት-መጻሕፍቲ ከይደን።







ማርጋምን ያስሚንን ምስ ቴሳ ይዘራረባ።
ቴሳ ኣብቲ እቲ ቤት-መጻሕፍቲ እያ እትሰርሕ።




ኣብቲ ናይ ቆልዑት ክፋል ወይ ጨንፈር ቴሳ ሓደ ናይ ቆልዑት መጽሓፍ ንያስሚን ተርእያ።




ያስሚን ኣብቲ ኮምፒተር ሓደ መጽሓፍ ተንብብ። ንሳ ኣብኡ ደስ ዝብሉ ናይ ቋንቋ ጸወታታት እውን ክትጻወት ትኽእል እያ።



ማርጋምን ያስሚንን ብሓባር ሓደ መጽሓፍ የንብባ።




ቴሳን ማርጋምን ሓደ ናይ ዓበይቲ መጽሓፍ ይርእያ።




እቲ ቤት-ቋንቋ እውን ሓደ ቋንቋ ኔደርላንድስ ክትመሃረሉ እትኽእል ኣብ ቤት-መጻሕፍቲ ዝርከብ ቦታ እዩ።




ኣብቲ ቤት-መጻሕፍቲ ብድምጺ ዝስምዑ መጻሕፍቲ፣ ሙዚቃታትን ፊልምታትን እውን ኣለዉ።




ቴሳ ንማርጋም ነተን ኮምፒተራት ተርእያ። ኣብቲ ቤት-መጻሕፍቲ ሓደ ናይ ኮምፒተር ትምህርቲ እውን ምክትታል ይከኣል እዩ።




ኣብ ኢንተርነት ብኩሎም ዓይነት ቋንቋታት ዝተጻሕፉ ጋዜታታት ክትረክብ ትኽእል። ማርጋም ሓደ ብናታ ቋንቋ ዝተጻሕፈ ጋዜጣ ተንብብ።



ማርጋምን ያስሚንን ገለ መጻሕፍቲ መሪጸን ኣለዋ።



ያስሚን እቲ ናታ ካርዲ ትጥቀም። ቆልዑት ብነጻ መጻሕፍቲ ክልቕሑ ከምዝኽእሉ ትፈልጡ ' ዶ?




ማርጋምን ያስሚንን ድርዳር መጻሕፍቲ ሒዘን ናብ ገዝአን ይኸዳ።



ኣብቲ ቤት-መጻሕፍቲ ካልእ ብዙሕ እውን ኣሎ...

ማርጋም ንሓደ ናይ ቋንቋ-ካፈ ናብ ቤት-መጻሕፍቲ መጺኣ።
ኣብዚ ንሳ ምስ ናታ ናይ ቋንቋ-ብጸይቲ ቋንቋ ኔደርላንድስ ትለማመድ።



ማርጋምን ያስሚንን ንሓደ ናይ ኣንባባይ ፕሮጀክት ወይ መደብ ተመዝጊበን። ነፍስወከፍ ሰሙን ሓንቲ ሰብ ናብ ገዛ እናመጸት ንያስሚን ተንብበላ። ኣንባባይ ቋንቋ ኔደርላንድስ ብዝሓሸ ንክትመሃር ደስ ዝብል ኣገባብ እዩ።

